# ከመይ ዘይንሓዝን ?



ኣይትሸቅጥሉ ኣይትነግድሉ
ሞት ጥፍኣት የሕዋትና ሓዘን'ዩ ንኹሉ
ኣይትበለጽሉ ኣይትጣልዕሉ
ስለ'ቲ ክብረቶም ሎሚ ሕሰብሉ

ከመይ ዘይንበኪ ከመይ ዘይንቐብሮም
ሃገር ዘወሓሱ ደይኮኑን 'ዮም ነይሮም
ከመይ ዘይንፈትዎም ከመይ ዘይነኽብሮም
ኤርትራ ንክትምዕብል ክንደይ 'ኺ ጽዒሮም

ከመይ ዘይንሓዝን ሓዚ'ና ኣመና
ብሕሶት ናይ ተስፋ ክጸንቱ የሕዋትና
ከመይ ዘይንስምብድ ሰብ ጽንዓት እንዲና
ሃገር ዘወሓሰ ወትሩ ክጠልመና

ከመይ ዘይንጕሂ ጕሂና እምበሪ
ሃገር ዘማዕበለ ምስጠለሙቶ ምድሪ
ከመይ ዘይንስምብድ ንስምብድ እምበሪ
ከርተት ክይኣኽሎ ምስጠሓለ ባሕሪ

ከመይ ዘይንጭነቕ ጭንቂ 'ተበሉኻ
ግዳያት ምስ ኮኑ የሕዋትካ በረኻ
ከመይ ዘይንሓዝን ሓዚ'ናን ፈረቓን
ናይ ኤውሮጳ መና ክኾን ህይወት ምስኣን

ከመይ ዘይንንድር ነዲርናን ፈረቓን
ፈብሪኽካ ጓሕጒሕካ ኣብ ትግራይ ምግዳን
ከመይ ዘይነቃልዕ ተንኮል ናይ ሓያላን
ህጻናት ኤርትራ ዓጺኻ ምርሻን (ማይ ዓይኒ)

ከመይ ዘይንሓዝን ሓዚ'ና ብኹሉ
ኣጋ ኣብ ዓወቶም ምስተመዛበሉ
ሓዚ'ና ጥራይ ዶ ከመይ ዘይንሓዝን
ስድርኦም ናይ ምእላይ ተስፍኦም ክበንን

ሽምዓና ንውልዕ ንዝኽሪ ስድራና
ክብሪ ነብጽሓሎም ኣብዘሎና 'ሊና
ጽንዓት ንስድራ ቤት ሕጅውን ደጊምና
ሰማይ የዋርሶም ብሉጻት የሕዋትና !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ሳን ሆዘ፡ ካሊፎርንያ
ጥቅምቲ 2013